## ትግራይ- ዋሕዚ ናይ ወፃኢ ቀጥታ ኢንቨስትመንት ዝጠልብዎ አገዳሲ መሰረተ ልምዓትን ዘስላሰ ግደይ-ካብ መቐለ (ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን)

ኣብ ትግራይ ንኢንቨስትመንት ዘሎ ምችውነት ብዝተማልአ መንገዲ ዝተገንዘቡ ናይ ዓዲ ውሽጥን ወፃእን ሰብ ሃብቲ ብስፍሓት ተቐላጢፍካ ናብ ስራሕ ኣብ ምእታውን ካብ ማንም እዋን ንዓቐብ ተጠናኺሩ ቐፂሉ ኣሎ። ካብዚኦም ውሽጢ ሰብ ሃብቲ ዓድና ኣብ ትግራይ ዘዋፈርዎ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ስሉጥ ብዝኾነ መንገዲ ተዛዚሙ ናብ ስራሕ ክኣትው ንምግባር ዝካየድ ዝነበረ ደገፍን ክትትልን ትካላዊ መልክዕ ሒዙ ክካየድ ምግባር ተጀሚሩ እዩ። ቢሮ ከተማ ልምዓት፣ ንግድን ኢንዱስትሪን ምስ ዘርፍ ማሕበራት ሰብ ሃብትን ነጋዶን ብሓባር ቐፃልነት ዘለዎ ክትትልን ድጋፍን ንምግባር ዘኽእሎም ትካላዊ ኣሰራርሓ ሓንፂዖም ብዝገብርዎ ዘለዉ ምንቅስቓስ "መሬት ሓፂሮም ዝተቐመጡ" ዝብል ነቐፌታ ካብ ህዝቢ ዝቐርበሎም ዝነበሩ ሰብ ሃብትና ናብ ህንፀት ክሰጋገሩ የኽእል ኣሎ።



ፎቶ ርእሰ ምምሕዳር አይተ አባይ ወልዱ ንምንቅቓስ ኢንቨስትመነት ክዕዘቡ ንዝመፅኡ

ሰበ መዚ ኤግዚም ባንክ ቻይና አቀባብላ ትግበረሎም

ከምኡ እውን ብክልል ከተማታትን ዝተጣየሸ ካውንስል ኢንቨስትመንት ንዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ሒዙ በብእዋኑ ነዚ ዘፈር እናገምገመ ንዘጋጠሙ ፀገማት እናፈትሐ ምኻድ ብምጅማሩ ናይ ወፃኢ ቐጥታ ኢንቨስትመንት ኣብ ትግራይ ብሰለጤን ናብ ስራሕ ኣብ ምእታው ይኹን በዝሒ ክውሰኽ ኣኽኢሉ እዩ። ካብዚኦም ውሽጢ ነቶም ካብ ክልተ ኣዋርሕ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዘሎ እዋን ናብ ተግባር ዝኣትው ውሽጢ ነቶም ገዘፍቲ ምጥቃስ ጥራይ እኹል መርኣይ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብዚኦም ውሽጢ ኣብ ጨርቃ ጨርቅን ስፌት ዓለባን ዝዋፈሩ ናይ ህንዲ፣ ባንግላድሽን ጣልያንን ኩባንያታት ልዕሊ 1.2 ቢልዮን ብር ሃብቲ ንምፍሳስ ፍቓድ ወሲዶም መሬት ምስተረከቡ ብቕልጡፍ ናብ ህንፀት ዝተሰጋገሩ እዮም። ብፍላይ ቮለስቲ ዝተብሃለ ትካል ንበይኑ ልዕሊ 5 ሽሕ ሓይሊ ሰብ ቆፂሩ ከስርሕ ዘኽእሎ ቐዳማይ ዙር ስፌትን ጨርቃ ጨርቅን ፕሮጀክት ብ597 ሚልዮን ብምዝዛሙ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ናይ ፈተነ ምህርቱ ክጅምር እዩ።




ፎቶ ሰበ መዚ ኤግዚም ባንክ ቻይና አብ ዕቑር ሃብቲ ትግራይ መግለፀይ እትውሃብ

ከምኡ እውን ኣብ ኣግሮ ኢንዳስትሪን ሓፂነ መፂንን ብልዕሊ 437 ሚልዮን ብር ፍቓድ ዝወሰዱ ናይ ስፐይን፣ ቱርክን ኣሜሪካን ሰብ ሃብቲ ድማ ንመፍረያይነት ዘድልይዎም ማሽነሪታት ብስፍሓት ካብ ምእታው ጀሚሩ ክሳብ ፈተነ ሙከራ ምህርቲ በፂሖም ኣለዉ። ካብዚኦም ውሽጢ ቮልቫራድ ፋድስ ዝተብሃለ ትካል ኣብ ራያ ዓዘቦ 1,100 ሄክታር መሬት ወሲዱ ማሽነሪታት ብምእታው ንኣግሮ ኢንዳስትሪ ዝኸውን ፍርያት ምቕራብ ዘኽእሎ ምድላው ሕርሻ መሬት የካይድ ኣሎ። ሲሲ ስቲልድን ኩርዝ ኣላይ ዝተብሃሉ ትካላት ድማ ኣብ ሽረ ናይ ሓፂነ መፂን መጋቢ ፍርያት ንምምራት ዘኽእሎም ናይ መሳርሕታት ተኸላን ፈተነ ሙከራ ጀሚሮም እዮም።

እዚኦምን ካልኦት ፍቓድ ወሲዶም መሬት ብምርካብ ናብ ህንፀት ንምእታው ኣብ ምድላው ዝርከቡ ናይ ዓዲ ውሽጥን ወፃእን ሰብ ሃብቲ ዝተዋፈሩሉ ናይ ማኒፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ተስፋ ዝገብርሉ ካሊእ መማረፂ ትግራይ ንወደብ ቀረባ ምዃናን ዝጣየሹ ዘለዉ ፓርክታት ኢንዳስትሪ ዘካተትዎም መተባብዕታት ብቐንዱ ይጥቀሱ። ብፍላይ ድማ ህንፀቱ 30% ዝበፅሐ መንገዲ ባቡር ወልድያ መቐለ ካብ ትግራይ ፍርያት ሕርሻን ውፅኢት ማኒፋክቸሪንግ ሰደድ ንምግባር ንወደብ ጅቡቲ ካብ 520 ኩሎ ሜትር ዘይበልፅ ምዃኑ እዩ። ኣብ ቐረባ እዋን ነዚ ናይ መንገዲ ባቡር ክዕዘቡ ዝመፅኡ ሰበ መዚ ኤግዚም ባንክ ኒቲ ናይ ባቡር መንገዲ ብስሉጥ መንገዲ ክዛዘም ዝህብዎ ድጋፍ ኣጠናኺሮም ከም ዝቕፅልሉ ኣረጋጊፆም እዮም።




*ፎቶ ሰበ መዚ ኤግዚም ባንክ ቻይና ንምቅልጣፍ መንገዲ ባቡር ትግራይ ብቕዕቲ ምኻና ኣረጋጊፆም*

በዚ መሰረት ንቐፃሊ ንህንፀት ኢንዱስትሪ ናብ ዓዲ ውሽጢ ዝኣቱ ናይ ካፒታል ኣቕሑ ክዓቢ ብምግባር ክልልና ሐዚ ካብ ሕርሻን ኢንዱስትሪን ንወፃኢ ሰደድ ትገብሮ መጠን ፍርያት ሐዚ ካብ ዘለዎ ልዕሊ 25 ሽሕ ቶን ኣብ ቀፀልቲ ሓሙሽተ ዓመታት ብዓሰርተ ዕፅፊ ክዓቢ ንምግባር ሰደድ ወፃኢ ዝመርሖ ማኒፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ዕዳጋ ተኮር ሕርሻ ምህርቲ ብዝልዓለ ብርኪ ክውስኽ ትፅቢት ይግበረሉ። ብምዃኑ ድማ ኣብ ዓዲ ውሽጥን ወፃእን ዘለዉ ዜጋታትና ከምቲ ልሙድ ብሓደ ሰሚሮም ነዚ ናይ ክልልና ምቹው ኩነታት ብተኸታታሊ ክፋለጥ ክገብሩ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይፅውዕ።